## <u>አደ!</u>

አደ፡ከመለኺ ሰላም ክብለኪ፡-
ክብርቲ ሀላል ምልኣት ዘለኪ፡-
　　አደ መራህ ዓዲ ወላዲት ነጋሲ፡-
　　አደ መረህ ሃይማኖት ኮላይ ቀዳሲ፡-
አደ መሀንዲስ ዓዲ ቀያሲ፡-
አደ ሐኪም ሰብ ፈዋሲ፡-
　　አደ ሐረስታይ መጋቢና፡-
　　አደ ፈራዳይ ዳናይና፡-
　　አደ ወታደር ሐላዊና፡-
አደ ኪኢላ ጥበበኛ፡-
አደ ኹሉ ፍጡር ሐቦኛ፡-
　　አምላኽ ዝሀበኪ ፍሉይ ተፈጥሮ፡-
　　ክንደይ ኢለ አነ ክቆጽሮ፡-
ክርስቶስ ተገለጸ ብአኪ ተወለደ፡-
መድሐኒት ናይ ዓለም አምላክ ዝወረደ፡-
　　ፍቅሪ አምላኽ ዝተገልጸ ብአኺ፡-
　　ማርያም ወላዲተ አምላኽ አዴና ኢኺ፡-
አደ! ትሸዓተ ወርሒ አብ ከብድኺ ፡-
　ሰለስተ ዓመት ዓብ ዝባንኪ፡-
　　ከይደከምኪ  ተጥቡቢ ትሐዝሊ፡
　　ከይሰልቸኪ ወደይ ጓለይ ትብሊ፡
አዶ!  ሒወት እናሃብኪ ሒወትኪ ክነብር፡-
ተላዒለ አለኹ አነ ንዓኺ ዝዓቅመይ ክገብር፡-
　　ጭንቀትኪ ሪኤዮ ዓደ ኮይነ፡
　　ድካምኪ ሪኤዮ ተፈቲነ፡-

አንኳን ሞት ህማም አይርዓይኪ፦
አዶ ተደላይት ኩልሳዕ ተኸቢርኪ፦
ክትነብሪ ንደሊ ኩሉ ይፈትዊኪ፦
ዓድና ክትምዕብል ክርህወና፦
መሰረት ክህልዎ ሕብረተሰብና፦
ስድራና ክብል ቤተሰብና፦
አዶ ይመችኺ ልዕሊ ኩልና፤
አዶ! አለና ደቅኺ ንብል አይዞኺ፦
አይረሳዕናዮን ክቡር ወለታኺ፦
ሎሚ ጥዕና ጣብያ ጽባሕ ሆስፒታል፦
ብፍቃድ አምላኽ ኵሉ ይከአል፤
አምላኽ ይመስገን ናብዙይ ዘብቀዓና፡
ንቀበሎ ህያብ ዕልል እናበልና፡፡
ሐረገወይኒ በርሀ፦
ጉንበት 14 2008